# ጉዕዞ ህዳሰናን ፀገማቱን

*ፍስሃ መረሳ*

**12-28-17**

እቲ ሐዚ ዘሎ ዘይምዕሩይ ፖለቲካዊ ገፅታ ሃገርና መበገሲኡ እንታይ እዩ? ዘለዎ ሳዕቤኑን ከመይከ ክፍታሕ ይክእልን? ዝብል ናይ ኩሉ እዋናዊን ተባራዒን አጀንዳ ካብዝኸውን ነዊሕ ጊዜ አቁፂሩ አሎ፡፡ ብዘይካ ውሑዳት እዛ ሃገር ንሕና ስልጣን ሒዝና ከምድላይና ንገብራ ዓዲ ተዘይሃሊያ ገደላ ትእቶ ኢሎም ዝምነዩን ዓዲ ንክትሕመስ ቤንዚን እናረጨው ሓዊ ዘቀፃፅሉ ዘለው ብሓደገፅ እቲ አብዝሓ በቲ ስርዓት ተጠቃሚ ክኸውን ዝጀመረ ብቀፃሊ እዚ ስርዓት ክጠቅመኒ አዩ ኢሉ ዝሓስብ እቲ ሐዚ ዘሎ አጠቃላሊ ፖለቲካዊ ኩነታት ተፈቲሑ ናይ ለውጢ ጉዕዞና ተጠናኺሩ ክከይድ ዝደሊን ነዙይ እውን ክኽፈል ዝክእል መስዋእቲ ዝኸፍል ዘሎን ብቀፃሊ'ውን ተርእ ክፃወት ቅሩብ ዝኮነ ህዝቢን ብካሊእ ገፅ ዘሎ ፖለቲካዊ አፈላላይ ብጋህዲ ቁልጭ ኢሉ ዝረአየሉ ፖለቲካዊ ኩነታት እዩ ዘሎ ፡፡ ካብዙይ ዝብገስ ነብስ ወከፍ ዜጋ አብቲ ዘሎ ጭቡጥ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት በቢዓቅሙ ብዝረኸቦ አጋጣሚታት እናተጠቀመ መፍትሒታቱን መንቀሊታቱን ብስፍሓት እናቅረበ ዝካተዐሉን ዝመያየጠሉን ገሊኡ አብ ዕላዊ /formal/ መድረኻት ተይተረፈ ብትሪ እቲ ዘሎ ፀገም ክፍታሕ ዝቃለሰሉ ኩነታት ከምዘሎ ንማንም ግልፂ እዩ ፡፡ ስለዚ እቲ ዘሎ እዋናዊ ኩነታት መሰረት ዝገበረ ከም ሓደ ዜጋ አካል እቲ ፀገምን አካል ናይቲ መፍትሒን ብምኻን ንህዝቢን ሃገርን ይጠቅም እዩ ዝበልክዎ ሓሳብ ብሓፂሩ አቅሪበ አለኹ ፡፡

ተሞክሮ ወያነታት ዓለም እንተርኢና አብ ብዙሓት ዓድታት ዝተኻየዱ ወያነታት ብፍላይ ነቶም ናይ ህዝቢ አጠቃላሊ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖምያዎን ፖለቲካዊን ለውጢ ንምርግጋፅ ዝተካየዱ ናይ ህዝቢ ምንቅስቃሳት እንተርኢና( ባህሪኦምን ዝሓዝዎ ዕላማን ከምዝፈላለ ርዱእ ኮይኑ) ንኩሎም ዘመሳስሎም ንቲ ናይ ህዝቢ ምንቅስቃስ ብብቅዓት ዝመርሑ ካብ አብራኽ ህዝቢ ዝወፁ መሪሕ ፓርትታት ስለዝወነኑ ምኻኑ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ ፡፡ ንርሑቅ ተይከድና ንልዕሊ 17 ዓመት አብ ትግራይ ዝተኻየደ መሪርን ነዊሕን ዕጥቃዊ ቃልሲ ብዓወት ክዛዘም ዝኽአለ ናይ ህዝቢ ዕላማ ተሓንጊጡ ነቲ ዝነበረ ናይ ህዝቢ መከራ፣ ሕሰምን ወፅዓን ንክፍታሕ ሓሪኑ ዝተልዓለን ንዓወት እቲ ቃልሲ ክሳዕ እቲ ዝኸበደ ናይ ሂወት

መስዋእቲ ኽኸፍል ድልው ዝኾነን ንምእማኑ ዘፅግም ዋጋ ዝኸፈለን መሪሕ ውድብን ጠንካራ ህዝብን ስለዝነበረ'ዩ ዝኽፈል ተኸፊሉ እቲ ዝድለ ዓወት ክረጋገፅ ዝኽኣለ፡፡ ተጋዳላይ/ኣባል ህወሓት ንናይ ህዝቢ ፀገም ንምፍታሕ ክኽፈል ዝክእል ዋጋ ንምክፋል ዝነበሮ ተወፋይነትን ቁርፀኝነትን እታ ዝነበረቶ ሓንቲ ሂወት ክስስዕስ ይትረፍ ተዝከኣል ነይሩ ንናይ ህዝቢ ትግራይ መሰልን ክብርን ምርግጋፅ ንምንታይ ሸውዓተ ሻዕ ሂወተይ ዘየሕልፍ ዝብል ፅኑዕ እምነት ሒዙ ከምዝተቃለሰን ነቲ ቃልሲ ከምዘዐወተን ህዝባዊ ውግንነኡ ከምዘረጋገፀን ብድሙቅ ቀለም ዝተፅሓፈ ናይ ትማሊ ህያው ታሪኽና ምስክር እዩ ፡፡ ክሳዕ ሐዚ ዘሎ ጎዕዞ ሃገርና እንትምዘን ህወሓት/ኢህወደግ ናይ ልምዓትን ዲሞክራሲን መደባት ሒዙ ኣብዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቃስ ብተነፃፃሪ ክረአ ዝክእል ብዙሉ መዳይ ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ፡፡ ሃገርና ኣብ ጎደና ስሉጥ ልምዓት ከምዘላ ኩሉ ዝግንዘቦን ዝምስክሮን ሓቂ ኮይኑ ግና ክሳዕ ሐዚ ብዝተማልአ መንገዲ ዘይተፈትሑ ናይ ክራይ ኣካቢነት ሓደጋን ጉድለት ሰናይ ምምሕዳርን ነቲ ዝተጀመረ ናይ ልምዓት ጉዕዞ ዓበይቲ ፈተናታት ኮይኖምዎ ኣለው፡፡ እቲ ዘሎ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ሽግር ካብ ነዊሕ ጊዜ ጀሚሩ እናተኣከበ ዝመፀን ሰኣን በቢግዚኡ ዝረአዩ ሽግራት ብትኩረት እናፈታሕካን ካብ ዘይምካድ ዝተፈጠረ ፀገም ኮይኑ መንቀሊ ናይቲ ዘሎ ፀገም ጥቅሉል መልሱ እቲ ዝመርሕ ዘሎ ስልጣን ዝሓዘ ገዛኢ ፓርቲ ብብቅዓት ክመርሕ ብዘይምኽኣሉ ዝተፈጠረ ፀገም ምኻኑ ባዕሉ ውድብ'ውን ተኾነ ኣነፂርዎ ዝሓደረ ጉዳይ እዩ፡፡ እቲ ዋና መዘራረቢ እዚ ፈተና እዙይ ከመይ እዩ ክሕለፍ ዝኽእል? እቶም ክንቃለሶም ዝግበአና ዓበይቲ ፀገማትከ ብምንታይ ደረጃ ዝግለፁ እዮም? ዝብል ትኩረት ሂብካ ምምይያጥን መፍትሒ ምእላሽን ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ስለዝሕግዝ ብዝተወሰነ ደረጃ እቶም ዘለው ፀገማትን መንቀሊኦምን መፍትሒኦምን ዝርዝር ኣቢልካ ምርኣይ ኣድላይ ይኸውን፡፡

## መፍትሒ ዘድልዮም ፖለቲካዊ ፀገማት

### ንህዝቢ ዘይምስማዕን ብናይ ህዝቢ ድሌት ተገዛኢ ዘይምኻንን ዘይተፈትሐ ሽግር

ኣብ ሓደ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ናይ ህዝቢ ናብራ ንምልዋጥ ዝግበር ከቢድን ዝተናውሐን ጉዕዞ ብፍላይ ልምዓታዊን ዴ/ስያውን መንግስታት ኢና ኢሎም ዝሓስቡን በቲ መስመር ንሱ ዝምርሑን መንግስታት እቲ ወሳኒ ናይ ልምዓት ዓቅሚ ህዝቢ እዩ ዝብል ዘይንቕነቕ እምነት ሒዞም ክሳዓዙን ናይ ተግባር መምርሒኦም ክገብርዎን ኣለዎም፡፡ ወሳኒ ህዝቢ እዩ ዝብል ዓለማዊ ጭርሖ ስለዝኾነን ኩሉ ስለዝዝምረሉ ኣነ'ውን ከይፍለ ተጨራሕኽዎ ፅቡቅ እዩ ኢልካ ኣብ ኣደባበያት ንክትመስል ኣድሚቅኻ እትፅሕፎን መድረኽ ንምድማቅ ኢልካን እትጨርሖን ዘይኮነስ ኣብ ዕለታዊ ተግባርካ ንህዝቢ ኣሰቲፍካ ብህዝብውን ተጠያቂ ምኻንካ ኣሚንካ ብተግባር ክትትርጉሞን ናይ ተግባር

መምርሒኻ ክትገብሮን ተኺኢልካ ጥራሕ እዩ ህዝቢ’ውን ክኣምነካን ናይማን ናይ ህዝቢ ወገን ምኻንካን ክምስኽር ዝኽእል፡፡ ንህዝቢ ምውጋንካን ነቲ ህዝቢ ጠጠው ምባልካን ሓደ መርኣይ ንስኻ ኣብ ስልጣን ኮይንካ ንሱ ዝብለካ ኹሉ ነገር ብኣግባቡ ሰሚዕካ ከከምኣመፃፅኡ ብኢዋኑ ምላሽዶ ትህብ? ተፀዋዒነተይ ንህዝቢዩ ኢልካ ብናይቲ ህዝቢ ድልየትን ባህግን ጥቅምንዶ ትግዛእ? ዝብል ቁልፊ መመዘኒታት እዩም፡፡ ህዝቢ ማለት’ውን እቲ በቢዕለቱ ናባኻ ዝመፅእ በዓል ጉዳይ ብስራሕን ግልጋሎት ደልዩ ወይ ፍትሒ ስኢነ ተበዲለ ኢሉ ዝመፀካ ዘሎ ከመይ ተተኣናግዶን ፍታሕ ትህቦን? እታ ዝነኣሰት ክሳዕ ክንደይናይ ተኽብሮን ብገፅ ትቅበሎን ኣብዙይ ዘሎ ተግባርካን ኣካይዳኻን እዩ እቲ ንህዝቢ ዘለካ ኣኽብሮትን ውግንናን ዝረጋገፅ፡፡ በዚ መነፅር በቢግዚኡ ኣብቶም ናይ ህዝቢ መድረኻት ከምዝቀረቡ እቲ በዓል ስልጣን ብዙሕ ፀገማት ከምዘሎውዎን ካብ ክልል ጀሚሩ ክሳዕ ጣብያ ዘሎ መሓውር ንህዝቢ ከምዘየዳምፅን ገሊኡ ክሳዕ ምፅራፍ ዝከይድ ፀረ ህዝቢ ዝኾኑ ተግባራት ከምዝፍፅም ብግልፂ ቀሪቡ እዩ፡፡ ሰለዚ ንህዝቢ እየ ተቃሊሰ ዝብል ኣካል ንምንታይ ንህዝቢ ዘየዳምፅ? ንምንታይ ንህዝቢ ዘየኽብር? ኣብዚእዋን እዙይ ህዝቢድዩ ዝፍራሕስ በዓል ስልጣን እዩ ዝብል ተሪኢና ተጋሊቢጦሽ እዩ ኮይኑ ዘሎ፡፡ ህዝቢ ተተዛረበ ሰማዒ የለን፡፡ ብውዳበታቱ ኣቢሉ ሓሳባቱ እናገለፀ ኣብቲ ኣካይዳ ተፅዕኖ ከሕድር ተደለየ ፀረ ልምዓት፣ ፀረ ውድብ ፣ንስኻ ጥዕና የብልካን ወዘተ እናተብሃለ ይፍቶ ይፅላእ ዝተብሃሎ ጥራሕ ሰሚዑ ጥራሕ ክኸይድ ዝግበረሉ ኩነታት ከምዘሎ ኩሉ ግዜ ዝለዓል ፀገም እዩ ፡፡

ህዝቢ ዝበደለን ዘድመየን ኣብ ላዕሊ “ኣያ” ዘለዎ ብካሊእ ኣገላልፃ ናይ ባዕሉ ሰብ ተሃልይዎ ህዝቢ ዝበለ ይበል ብዘየግድስ ብፍላይ ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ስልጣን ዘሎ ተኾይኑ ዝጥየቀሉ ኣካይዳ የለን ክበሃል ይከኣል ፡፡ ብጠቕላላ ህዝቢ በዓል ዋና ናይ ኩሉ ጉዳያት ኮይኑ ድሌታቱ ንክፍፅም ነቲ በዓል ስልጣን ‘ውን ተቆፃፂሩ ክኸይድስ ይትረፍ እቲ በዓል ስልጣን ነቲ ህዝቢ ኣፈራሪሑ ክነብር ዝደልየሉ ኩነታት እዩ ዘሎ ፡፡ እዙይ ከዓ ዘይሩ ዘይሩ እቲ ኣመራርሓ ንህዝቢ ዘለዎ ውግንና ምልሕላሕ ከምዘሎ’ዩ ዘርኢ፡፡ ሰለዚ እዚ ሱር ዝሰደደ ፀገም ብመሰረቱ እንተይዘተፈቲሑ ሐዝውን ጉዕዞ ሕዳሰና ክሳለጥ ኣይኽእልን ጥራሕ ዘይኮነስ ከምቲ እንርኦ ዘለና እቲ ኩነታት ናብ ዘየድሊ ቅልውላው እናምረሐ በቶም ፀገማት ተጠላሊፍና ክንወድቅ ከምንኽእል ምንም ጥርጥር የብሉን ፡፡

### ሱር ዝሰደደ ግዕዝይና መፍትሒ ዘይረኸበ ሽግር

ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ሃፍቲ ብክነት ከምዘሎ ባዕሉ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ኣነቢርዎ ዝሓደረ ጉዳይ እዩ፡፡ ሎሚ ዘሎ ኮራብሽን ብተራ ቀንጠብጠብ ዝረአ ዘይኮነስ በቢግዚኡ ካብ ናይ መንግስቲ መራኸቢ ማዕኸናት ከምንሰምዖ ውልቀ ሰባት ብሚልዮናት ዘይኮነስ ብቢልዮናት እናዘረፉ ሃብቲ ዓዲ ዘባኽንሉን ንሳቶም ነቲ ድኻ ሕ/ሰብ እናቀተሉ ብኣቀራጭ ዝሕፍትሙሉን ከምውፅኢትውን ዓበይቲ ናይ መንግስቲ ፕሮጀክትታት ሰኣን በጀት ዝንተትሉ ኩነታት ከምዘሎ ኩሉ ዝከታተሎ ዘሎ ጉዳይ እዩ፡፡

ብዝቀለለ መንገዲ ኣብ ኣጠቃቅማ ተሽከርከቲ ዘሎ ኩነታት እንተሪኢና ዓቅሚ ህዝቢ ኣብ ግምት ዘየእተወ ገሊኣን ኣብቲ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ዘለዋ መካይን ብጣዕሚ ክባራትን ናይ ቅንጦት ከምዝኾና ኩሉ ተገንዚብዎ ዝሓደረ ጉዳይ እዩ ፡፡ እዙይ ንሓደ ሓላፊ ንስራሕ ዘድልዮ ብቀሊል ዋጋ መኪና ተገዚኣ ክትወሃቦ ዝግባእ እናሃለወ ብናይ ኣውሮፓ ስታንዳረድ ዋጋ እናተገዝኣ ብዝነኣሰ ንብዙሓት መኪና ዘግዝእ በጀት ሓደ ሓላፊ በይኑ “ንክብሪ” ተባሂሉ ሃብቲ ህዝቢ ብዘባኽን መንገዲ እንትጥቀም ምርኣይ ልሙድ እዩ ፡፡ እቲ ብጣዕሚ ዝገርም ገሊኡ እቲ ሐዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣካል ትማሊ ገባር ትግረዋይ ንባዕሉ ይኽፈኣኒ ኢሉ ኣፉ ገዲፉ ዝዕንግሎ ዝነበረ ህዝቢ ረሲዑ ገና ወላድ ኣዶ ብዕንፀይቲ ተፀይራ ናብ ሕክምና እናኸደትን ንኣምቡላንስ መግዚኡ ከይኽውን ገና ፅሩይ ማይ ዘይተባፅሓለ ኣዶ እናሃለወት ማይ መባፅሒ ከይኽውን ንሱ ኣብ ከተማ በዓል ስልጣን ምኻኑን ብናይ መኪና ብልጫ ከርኢ በዘይምንም ሕንከት ንኽብሩ ኣቀዲሙ ብዙሕ ናይ ህዝቢ ሃፍቲ ክባኽን ይገብር ኣሎ፡፡ ስለዚ ዝምልከቶ ኣካል ነዚ ዝረአ ዘሎ ሃብቲ ህዝቢ ዘባክን ኣካይዳ ጠጠው ክብል ናይ ተጠያቅነት መስርሕ ክተኣታቶ ተዘይተገይሩ ውልቀ ሰባት እናዓደሩ ዝኸድሉ ኩነታት ምቅፃሉ ዘይተረፍ እዩ፡፡

**ፀረ ዲ/ራሲ ተግባርን ኣተሓሳስባን ሐዝውን ዘይተፈትሐ ፀገም**

ምርግጋፅ ዴሞክራሲ ናይ ምርጫ ጉዳይ ኣይኮነን ፡፡ ብፍላይ ኣብ ከም ሃገርና ዝበላ ዓድታት ብዙሃነት/Diversity/ መለለይኣን ዝኮና ዴ/ክራሲያዊ ስርዓት ካብ ምህናፅ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ ዕፅው ዝኾነሉን ፖለቲካዊ ክነታት ከምዝኮነ ቅድም ኢሉ ብዘየሻሚ መንገዲ ተነፂሩ ዝሓደረ ጉዳይ እዩ፡፡ ሐዚ ብተግባር ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት እንትረአ ግና ብኩሉ መመዘንታት ምምሕያሽ ዘይኮነስ ፀረ ደ/ራሲ ኣካይዳ ሱር እናሰደደን እናዕበለለን ቀንዲ መሳርሒ ናይ ግዕዝይናን ብልሽው ምሕደራን ንኽነግስ ኣብ ምግባር ዝለዓለ ተራ ዝፃወተሉ ኩነታት ከምዘሎ ብጋህዲ ዝረአ ዘሎ ፀገም እዩ ፡፡

እቲ ስርዓት ጥዕንኡ ዝልካዕ ቅድሚ ኩሉ ኣብቲ ዓዲ ዘሎ ዴሞክራስያዊ ኩነታት እንታይ ዝኣክል እዩ እቲ ህዝቢ ነቲ መንግስቲን ፓርትን ናይ ምቁፅፃር ናይ ምክትታል ዓቅሚ ኣለዎዶ? እቲ ሓይሊ ሚዛን ኣበይ እዩ ዘሎ? ዝብል እዩ ክረአ ዘለዎ፡፡ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮ ቃልስና ተበጊስና እንትንሪኦ’ውን ኣብ 1993 ዓ/ም ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝገጠመ ኣፈላላይ ባዕሉ እቲ ዝወፀ ሓይሊ ንቲ ዝነበረ ሱር ዝሰደደ ፀረ ዴሞክራሲ ምንቅስቃስ ክቅፅል ብምግባር ንባዕሉ ናብ ገዛኢ ደርቢ ክድይብ ካብ ምድላይ ዝብገስ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዴሞክራሲ ካብ ናይካልኦት ዓድታት ዝበለፀን ዝተመፃረየን ዴሞክራሲ እዩ ዝብል ሓሳብ ብምሓዝ’ዩ ኣይተሳከዐሉን’ምበር ድሌታቱ ንምፍም ዝተንቀሳቀሰ ፡፡ እዙይ ዝኮነሉ ምክንያት ኣብ ዴሞክራሲ ዘሎ መትከል ኩሎም ንረብሓ ህዝቢ ረጊፆም ብሽም ዴሞክራሲ እናሸቀጡ ኣብ ስልጣን ክነብሩን ስልጣን ንውልቃዊ ረብሐኦም ከውዕሉን ዝደልዩ ሓይልታት ዝጥቀሙሉ መንገዲ ዴሞክራሲ ኣሎ እናበልካ ብተግባር ግና ክጠፍእ ክደቅቅ ምግባርን ይትረፍ ናይ ህዝቢ ዴሞክራሲ ክረጋገፅ ኣብ ባዕሉ ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብን መንግስታዊ መሓውርን ተይተረፈ በብዘለዎ ናይ ስልጣን ተዋረድ እቲ ዝለዓለ ነቲ ብትሕቲኡ ዘሎ ኣነ ዝበልኩኻ ተቀበል፣ ኣይትቃወም፣ ንክሰርቅ ተሓባበረኒ፣ ተዘይኮይኑ ኣብታ ስልጣን ኣየንብረካን ፣ ፈተኻ ፀላእኻ ኣነ እየ ጎይታኻ እናባለ ነቲ ናይውሽጢ ውድብ ዴሞክራሲ እናጥፈአ ብኣምሳይኡ ናቱ ቲፎዞን ሓሻክርን ናብ ስልጣን ክመፁ ብምግባር ጠቅላላ ነቲ ስርዓት ዝቅየረሉ ኩነታት ክፈጥር እዩ ለይትን ቀትርን ዝሰርሕ ፡፡

ሰለዚ እቲ ሐዚ ገጢሙ ዘሎ ፀገምእውን እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ብመንገዲ ክራይ ናይ ምእካብ ኣካይዳ ክጥቀም ተኮይኑ ነዛ ቀንዲ መሳርሒት /ፀረ ዴሞክራሲ ኣካይዳ /እዚኣ ሒዙ ስለዝኾነ ብመሰረቱ ብዘይካ ውሑዳት እቲ ዝበዝሕ ነዚ ፀገም እዙይ ብመሰረቱ ክፈትሕ ዘኽእል ፖለቲካዊ ቁመናን ሞራልን ስለዘይብሉ ኣብ ባዕሉእውን ዓርሰ ቅትለት ክፍፅም ይክእል እዩ ተባሂሉ ስለዘይግመት ንሽሙ ኣብ ናይ ህዝቢ መድረኻት እቲ ፀገም ኣሎ እዩ ንቃለሶ ኣለና ኢና እናበለ ከምሃገሩ ኣረ ገሊኡስ እናፈከረ ይጭርሕ ብድሕሪ መጋረጃ ግና ናይ ባዕሉ መፈፀሚ ስልቲ ኣቀሚጡ ኔትዎርክ እናሰፈየ እቲ ስርዓት ካብ ህዝቢ ክንፀል ኩሉ ዝከኣሎ ፃዕሪ ይገብርን ከም መትከል ሒዙ ይቃለሰሉን ይማወተሉን ኣሎ፡፡ ብተግባር ሐዚ ዝረአ ዘሎ ፀገም ፀረ ዴ/ክራሲ ሃዋህው ብምፍጣር ኣብ ኩሉ ነገር ግልፅነት ከይነግስ ምግባር ሓፋሽ ዝረአዮን ዝሰምዖን እናቕረበ ትዕበ ትንኣስ ፀገም ብጊዝኡ እናተኣረመት ከይትከይድን ንሱ ከምድላዩ ክሰርቅ ኔት ዎርክ እናሰፈየ ናይ ባዕሉ ክራያ ኣከብቲን ሓሻክርን ደገፍቱ ኣጫፈርቱን ክዕንድሩን

በቢከባቢኡ ንሶም ነጋውስ ክኾኑ እነገበረ እቲ ኣብዝሓ ግና ርእሱ ከድንን ይግበር ኣሎ  ፡፡  ስለዚ  እቲ ኣብ ስልጣን ዝኒህ ሓይሊ ንኩሉ ድሌታቱ ክፍፅም ተኮይኑ ዴ/ክራስያዊ ኣካይዳ ክጠፍእን ናይ ህዝቢ ቀጥተኛ ተሳትፎ ክዳኸምን ብምግባር እዩ እቲ ስርዓት ንረብሑ ክጥቀመሉ ዝኽእል፡፡

ካሊእ ይትረፍ ኣብ ውሽጢ እትውድብ ዝግበር ዝነበረ ቃልሲ ብምልማስ ዝተብሃልካዮ ጥራሕ ተቀበል ተተቃዊምካ ትረኽባ እናተብሃለ ነዙይ ሓሊፉ ዝመሰሎ ነገር ከልዕልን ክነቅፍን ንዝፍትን እውን ዝተፈላለየ ሹማት ብምውፃእን ፀረ ልምዓት፣ ፀረ ውድብ ዝብል ታርጋ እናለጠፍካ ሰብ ተሰኪፉን ተሸቁሪሩን ክነብርን ናረኣየ ከምዘይረአየ እናሰምዐ ከምዘይሰምዐ ክሓልፍ ብምግባር ኣብ ጉዕዞ ናይቲ ዴ/ራስያዊ ስርዓት ከቢድ ሓደጋ እናኾነ ይኸይድ ምህላዉ ፀሓይ ዝወቅዖ ሓቂ እዩ፡፡ ብሓፂሩ እቲ ሐዚ ነጊሱ ዘሎ ብልሽው ኣሰራርሓ፣ ግዕዝይናን ናይ ሰናይ ምም/ር ጉድለትን ውፅኢት ናይቲ ዘሎ ፀረ ዴ/ክራሲ ምኻኑ ንማንም ግልፂ እዩ፡፡ እሞኸደኣ ናይዙይ መሰረታዊ መፍትሒ ዘየምፃእኻ ከመይ ገይሩ ናይ ሃገርና ናይ ዕብየትን ትራንስፎርሞሽንን መደብ ክዕወት ዝኽእል?

### ብናይ ሓሶት ሪፖርት ዕድመ ስልጣንካ ንምንዋሕ ዝግበር ምንቅስቃስ ሐዝውን ዘይተቀረፈ ፀገም እዩ

ኣጠቓላሊ እቲ ስርዓት / System / ተተበላሹ ብኹሉ ገፅ ዝተበላሸወን ሕሙምን ጥዑይን ምፍላይ ዘይክኣለሉ ኩነታት እዩ ዝፈጥር፡፡ እቲ ሐዚ ዘልዕሎ ዘለኹ ፀገም ሓደ መግለፂን ነፀብራቅን ናይቲ ዘሎ ፖለቲካዊ ሽግር ምኻኑ ንኩሉ ግልፂ እዩ፡፡ ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅኩዎ እቲ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ከምቲ ብግልፂ መንግስቲ'ውን ዘነፀሮ ዝሓዞ ፖለቲካዊ ስልጣን ንባዕሉ መኽበሪ ገይሩ ንኽጥቀመሉ ንህዝቢ ይጥቀም ኣይጥቀም ብዘይግድሽ ንሱን ናቱ ሓሽከርን እናብዘሐ ብህዝቢ ንዝለዓሉ ናይ ልምዓትን ናይ ሰናይ ምም/ር ሕቶታትን ምምላስ እንትኣብዩዎ ዝተሰርሐን ዘይተሰርሐን ኣመላኺዑ ንሓንቲ ተግባር ብብዙሕ ዕፅፍታት ብኹፉሉ ኣብ ወረቐት እናራብሐ ምንም ክእመን ዘይኽእል ኣብ ባይታ ዘየለ ፀብፃባት ብምቅራብ ንሱ ዕድመ ስልጣኑ ዘናውሐሉ ኩነታት ክፈጥር ባህርያዊ እዩ፡፡

ኣብዝሐዚ እዋን ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ዘሎ ዝቀርብ ፀብፃባት ናይዙይ መርኣያ እዩ፡፡ ናይዙይ መቀፀልታ ዝከኣልን ዘይከኣልን ተይፈለይኻ እዙይ ክንሰርሖ ኢና እናበልኻ ቃል ምእታው፡፡ ንዓመታት ዘይተፈትሐ ፀገም ኣብ ኣዋርሕ ክንፈትሖ ኢና ብምባል ንርካሽ ጊዝያዊ ተቀባልነት ምስራሕን ሐዚ ዝረአ ዘሎ ፉሽን እዩ፡፡ ኣብ ኩሉ ግምባራት መስተንክራዊ ዓወታት ሓፊስና ኢና፣ናይ ሃገር ሞዴል ኢና ዝብል መግልፅታት ኣብ ሚድያ ወግሐ ፀብሐ ዝቐርቡ ዘለው ናይ ሓሶት ፀብፃባት መርኣያ ናይቲ

ዘሎ ሱር ዝሰደደ ብዘይሰራሕኻዮ ስራሕ ህዝቢ እናዓሸኻ ኣብ ስልጣን ክትነብር ናይ ምድላይ ስልቲ ምኻኑ ኩሉ ተገንዚብዎ ዝሓደረ ጉዳይ እዩ፡፡

ታሪኽ ውድብና ከምዝምስክሮ ውድብ ካብ ዝሰርሖን ዘረጋገፆን ዓወታት ንላዕሊ ንናይ ባዕሉ ኣንእሽተይ ድክመታት እውን ከይነዓቐ ብዘይምሕረት ዝቅጥቅጥን ዝቃለስን ዝነበረ ኣመራርሓ ኣብዝሓዚእዋን ግና ብዘይምንም ሕንከት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ተገቲሩ ነታ ንእሽተይ ተግባር ኣጋዚፉ ንሱ ክረአየላን ሰራሒ ፅቡቅ ንኽመስልን እንትጀሃር ምርኣይ ልሙድኮይኑኣሎ፡፡

## ናይ ምፍፃም ዓቅሚ ምንኣስ

መሰረታዊ ሕ/ሰብኣዊ ለውጢ ከምፅእ ዝተልዓለ መንግስትን ውድብን ቅድሚ ኹሉ ነቲ ዝሓስቦ ገዚፍ ናይ ልምዓት ውራይ ዝፍፅም ደልዳላ ሰብኣዊ ዓቅሚ ክሃንፅ ኣለዎ ፡፡ ኣብዙይ ናይ ምፍፃም ዓቅሚ እንትበሃል ሰብኣዊ ዓቅሚ ማለት እዩ፡፡ ካልኦት ናይ ፋይናንስን ቴክኖሎጂ እታዎታት ምህላው ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኮይኖም ንኹሉ ዘንቀሳቅስን ንዑ ተጠቂሙ ልምዓት ዘምፅእን ግና ብኣተሓሳስባን ብክእለትን ዝለምዐ ንናይ ህዝቢ ረብሓ ዘቅድም ውፉይ መንግስታዊን ውድባዊን መሓውር ምህላው ቁልፊ ጉዳይ እዩ፡፡ ናይ ህዝቢ ዓቅሚ ንምንቅስቓስ ሐዝውን ቅድሚት ተሰሊፉ ኣነ ብዘይዕረፍቲ ለይቲን ቀትርን ክሰርሕ እየ ኢሉ ብተግባር ሞዴል ኮይኑ ዝመርሕን ህዝብዉን ዝቅበሎን ናይ ማን ተዛሪቡ ዘስምዕን መራሒ ምህላው ቁልፊን መተካእታ ዘይብሉን እዩ፡፡

ሐዚ ዝረአ ዘሎ መሰረታዊ ሽግር እቲ ዘሎ ኣመራርሓ ንቅድሚት እናሓሰበ ስትራተጂክ ጉዳያት እናልዐለን እናመለሰን ካብቲ ዘሎ ግዝያዊ ሕቶታት ወፅዩ ነቲ ጭቡጥ ናይ ህዝቢ ናይ ልምዓት ሕቶታት ካብ ሱሩ ዓትዒቱ ዝግስግስ መሪሕ ዝተስኣነሉ ኩነታት እዩ ዘሎ፡፡ ብናይባዕሉ ሕቱኽቱኽ ተፀሚዱ ናይ ሓደ ገዚፍ ሓላፍነት ዝተሸከመ ፓርቲ ኣማርሓ ኮይኑ ኣብ ተራ ትልምን ፍፃመን ናይ ኦፐረሽን ስራሕ ተፀሚዱ ንዐን እናፀብፀበ ዝነብር እገለ ድሕሪት እገለ ቅድሚት ዝብል ተራ ስራሕ ብምስርሑ ንባዕሉ ከም ጎቦ ዘፍረሰን መሰረታዊ ለውጢ ዘምፅኣን መራሒ ኮይኑ ዝቀርብ ውሽጡ እንትፍተሽ ግና ናይ ምፍፃም ዓቅሚ ዘይብሉ ኣብ ባይታ ናይህዝቢ ሕቶታት ተኾሚሮም ሰማዒ ስኢኖም ዓዲ ናብ ቅልውላው እናምርሕዋ ኣማዕድዩ ከይቀርቦም ዝብህርርን ብገንኡ ካብ ናይ ህዝቢ መድረኽ ዝርሕቅን ዓቅመ ቢስ ዝኾነ መራሒ ክሳዕ ዝሓለወ ዝተሓንፀፁ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ከምቲ ንሪኦ ዘለና እቶም ወሰንቲ ሃገርና

ናብ ማእኸላይ እቶት ክትሰግር መንፀፍ ዝኾንዎ ናይ ትራንስፎርመሽን መደባት ብኢዋኑ ምፍፃም ኣብዮም ዕብየትና በቲ ዝተሓሰበሉ ቅልጣፈን መጠንን ፅርየትን ክረጋገፅ ኣይከኣለን፡፡ እቲ ኣብዝቀረባ እዋን ናብ ሓላፍነት መፂኡ ዝኒሐ ዝተምሃረ ሓይሊ'ውን እንተኾነ ናብቲ ቦታ እንትመፅእ በቲ መሰረታዊ ናይ ሓደ ኣመራርሓ መመዘኒ ስለይመፀ ከምቲ ዝረአ ዘሎ ነቲ ኩነታት ክልውጥስ ይትረፍ ንባዕሉ ኣብታ ዘለዋ ቤት ዕዮ ፍልይ ዝበለ ትማሊ ዘይነበረ መሰራታዊ ዝኮኑ ናይ ለውጢ ምንቅስቃሳት ኣተኣታትዩ እቲ ኩነታት ንቅድሚት ክወስድ ኣይከኣለን ፡፡ ኩሉ ናብቲ ዝፀንሐ ሃዋህው ኣትዩ ፈተወ ፀልአ በቲ ነባር ኣመራርሓ እናተሸከርከረ ዝኸድ ዘሎን ጊዚኡ ዘቃፅል ዘሎን ኣመራርሓ እዩ ክበሃል ይከኣል፡፡ ስለዚ ነዚ ሓይሊ እዙይ ሒዝካ ሐዝውን ነቲ ዝኒሀና ገዚፍ ድክነት ዝፈትሕ መደብ ሒዝና ክሳዕ ክንደይናይ ለውጢ ክነምፅእ ንኽእል ዝብል ክምለስ ዘለዎ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡፡

## መንቀሊ ናይዞም ፀገማት

### ናይ ውሽጢ ውድብ ቃልሲ ምድካም

ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዝተርአዩ ኩሎም ፀጋማት ፈፃሚኦም ካብቲ ዝተሓተ ኣባል ጀሚሩ ክሳዕቲ ዝለዓለ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ዘሎ ናይቲ ውድብን መንግስትን መሓውር እዩ፡፡ ምክንያቱ ኩሎም ናይ መንግስቲ ናይ ሓላፍነት ቦታታት ውድብ ባዕሉ መዲቡ ዘዋፈሮም ናይ ባዕሉ ኣካላት ስለዝኮኑ እዚ ኣመራርሓን ኣባልን እዚ ኩሉ ፀገም እናፈጠረ ማለት ፍትሒ እናጉደለ ገሊኡ ናብ ክራይ ምእካብ ኣትዩ ነቲ ስርዓት እንተበላሹ ብድምር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ እዚ ኹሉ በደል እናብፅሐ ንምንታይ ብናይ ውድብ ናይ ገምጋምን ምንቅቃፍን ተጠያቂነት መስርሕን ዘይስተኻኸልን እቲ ፀገም ቅድሚ ምፍጣሩ ንምንታይ ግቡእ ናይ ምኽልኻል (ብመሰረቱ ናብዚ በፂሕዎ ዘሎ ደረጃ ከይበፅሐ ) ቃልሲ እናተገበረሉ ዘይመፀን? ዝብል እዩ ክምለስ ዘለዎ፡፡ ኣብዙይ ዘይሩ ዘይሩ ናይውሽጢ ውድብ ናይ ህንፀት ስራሕ ምድኻሙ እዩ እቲ ጥቅሉል መልሲ ዝቅመጠሉ ፡፡ እዙይ ብዝተወሰነ ደረጃ እስኪ ዝርዝር ኣቢልና ንርአዮ፡፡

### በለፅን ምክእኣልን ብስፍሓት ዝነገሰሉ ፖለቲካዊ ኩነታት

ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዘሎ መሓውር ኣብ ውሽጡ ክገብሮ ዝግባእ ቀፃሊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ ምግባር ብኣንፃሩ ጌጋታት ጥፍኣታት እናረአየ ከምዘይረአ ዝሓልፈሉ ኩነታት ከምዘሎን ነንባዕሉ ኣብ ክንዲ ምንቅቃፍ ንኩሉ ነገር ብናይ ባዕሉ ጥቅምን ክብሪን እናዓቀነ ብፍላይ ንብልዕሊኡ ዘሎ ኣካል ካብ ምውዳስ ሓሊፉ ብትረትን ብቅንዕናን ምንቅቃፍ ኣዕርዩ ዝተዳኸመሉን ብኣንፃሩ ሓልሓሊፉ ዝመስሎ

ዘልዕል ሰብ ተሃልዩ ንስኻ ምስ ጊዜ ኣይትከድን ፋሽኑ ዝሓለፎ ኣካይዳ ትኽተል ኣለኻ ወዘተ ዝብሉ መቀፀልታት ዝስንዘርሉን ኣብ ገሊኡ ኣብ ኔትዎርክ ዘይኣተወ እቲ ወያናይ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ በቲ ክራይ ኣካቢ ዝተወደበ ሓይሊ ዝቅጥቀጠሉ ኩነታት እዩ ከምዘሎን ንማንም ግልፂ እዩ፡፡ በዙይ'ውን ኣብ ውሽጢ ውድብ ቃልሲ ጠፊኡ ብኣንፃሩ ሕምየትን ዘይግልፅነትን ብስፍሓት ዝነገሰሉን ዘይወያናይ ኩነታት ዓብላሊ ዝኾነሉን ዓቅሚ ውድብን መንግስትን እናለመሰ ፖለቲካዊ ስብእንኡ ዝተሓለወ ኣባልን ኣመራርሓን ቁፅሩ እናወሓደ በለፀኘን ክራይ ኣካቢን ምስዝነፈሰ ዝነፍስ ሓይሊ ዓብይ ቦታ ዝሕዘሉን ከምውፅኢት'ውን ውድብ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ተኣምነነትና ኣዕርዩ እናተሸርሸረ ዝከደሉን ፖለቲካዊ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ ዘሎ፡፡

## ናይ ውድብ ክብሪታት (values) ምሽርሻር

ውድብ ህወሓት ካብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝፍለየሉ ብፕሮግራሙ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕድሕድ ኣባልን ኣመራርሓን ዝምረሐሎም ናይቲ ውድብ ክብርታት ናይ ባዕሉ ፅኑዕ ድስፕሊን ነይርዎ፡፡ ሕድሕድ ኣባል ብፅኑዕ ድስፕሊን ተሃኒፁ ኣብ ዓውደ ውግእ ይኹን ኣብ ናይ ህዝቢ ስራሕቲ ኣብታ ዝተዋፈረላ ዓውደ ግንባር ብናይ ተግባር መሪሕነቱ ዝልለ ኣባል እዩ ነይሩዎ፡፡ ሕድ ሕድ ኣባል ናይቲ ውድብ ብህዝቢ ዝልለየሉ ነገር ኣይሕሱን፣ ብኻሊእ ኣበሃህላ ዘይእምነቱ ኣይዛረብን፣ሓደ ንቲ ሓደ ኣይሕሽከርን ብኣንፃሩ ንሕሽክርና ከጥፍእ ይቃለስ ፡፡ ናይግቱ ጉቦ ይኩን ዝኾነ ዓይነት ውህብቶ ኣይቅብልን፡፡ ብኣድልዎ ወገንነት ምስራሕ ነውሪ፣ንናይ ህዝቢ ዕላማ ቀዲሙ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ይኸፍል፣ ኣብ ወሰንቲ መስዋእቲ ዝሓቱ ጉዳያት ምድሕርሓር ነውሪ፣ ቀዲሙ ይስዋእ ይቆስል ይደሚ ፣ ንናይ ህዝቢ ሕቶታት ፀገማት ይሰምዕን ቅልጡፍ መፍትሒ ይህብን፣ ነገራት ብዴሞክራስያዊ መንገዲ ይኣሊ ስራሕቱ ብምትእምማን ይፍፅም፣ ወዘተ.. ኮታስ ቀዲሙ ንሱ ነቲ ቃልሲ ንምዕዋት ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ይኸፍልን፣ በዙይውን ውድብ ከም ውድብ ብናይ ሕድ ሕድ ኣባላታ ተግባርን ምንቅስቃስን ካብ ናይ ካልኦት ፖለቲካዊ ሓይልታት እትልለየሉን እትግለፀሉን ብኡ ኣቢላ'ውን ኣብ ህዝቢ ዓብይ ኣሜኔታ ክትረክብ ዝገብር ደልዳላ ኣባል ሒዛ ነቲ ዝነበረ ፈታኒን መሪርን ዕጥቂ ቃልሲ ክዕወት ዘኽኣለ ጠንካራ ኣበልን መሪሕን ብምሓዛ ምኻኑ ናይ ትማሊ ሕሉፍ ታሪኽና ዘረጋገፆ ሓቂ እዩ ፡፡ እዙይ ከዓ እቲ ውድብ ብህዝቢ ክእመንን ዓብይ ተቀባልነት ክረክብን ዝገበሮ ብተግባሩ ዝመርሕ ኣብ ሕ/ሰብ ተቀባልነት ዘይብሎም ተግባራት ካብ ምፍፃም ዝቁጠብን ብመርኣያነት ንቲ ሕ/ሰብ ዘምህሩ ብቅንዕናን ብተኣማንነትን ብወያናይ ስነ ምግባር ዝምራሕን ከምመለለይኡ ገይሩ ዝወሰድን ተጋዳላይ/ኣባልን ስለዝነበረ እዩ፡፡

ሐዚ ብኣንፃሩ እቲ ህዝቢ ነቲ ኣባልን ኣመራርሓን ከም መራሒ ዘይውስደሉን እዙይ ክራይ ኣካቢ ሴባ፣ ብናትና ገንዘብ ፎቅ ይሰርሕ ኣሎ፣ እዙይ ፍትሒ ዘጥፍእን ብኔትዎርክ ናብ ስልጣን ዝመፀን እዩ፣ ሰካራም ይትረፍ ንዓና ክመርሕ ናይ ባዕሉ ስድራ እኻ ክመርሕ ዘይኽእል ወዘተ-- ዝብሉ ሪኢቶታትን ገሊኦም ሕጫጩታት እዮም ዝቀርብሉ ፡፡ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ከይድኻ እትሰምዖም ቅሬታታት  ናይቲ ኣመራርሓ ተነፅሎነት ዘርእዩ እዮም፡፡  ኣብ ገሊኡ ንክትዛረቦ ዘሕፍር ዘይዴሞክራስያዊ ዝምድናታት ክሳዕ ምሕሽካር ዝከይድ ናይ ጎይታን ጌላን ዝምድና ዝረአየሉ ኣካይዳታት ምርኣይ ሎሚ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ስለዚ ኣብ ሞንጎ ተመራሕን መራሒን ምትእምማን ዝጠፍኣሉን እቲ መራሒ እየ ዝብል እውን ብተግባር መራሒ ዘይኮነስ ተራ ኮብራሪን ናይቲ ዘለዎ ቤት ዕዮ ጎበዝ ሓለቃን ካብ ምኻን ሓሊፉ ብህዝቢ ዝእመን ተዛሪቡ ዘስምዕን ተኸተልቲ እናፍረየ እቲ ስርዓት ክግውድን ክጥንክርን እቲ ዕላማ ናይ ኣእላፍ ህዝብታት ክኸውን ተርኡ ዝፃወት ኣመራርሓ ዝሰኣነሉ ኩናታት ስለዘሎ ኣብ ሞንጎ ውድብን ህዝብን ሰፊሕ ክፍተት ተፈጢሩ ኣሎ፡፡

## ናይ ኣመራርሓ ድልውነት ምንኣስ መሰረታዊ ዘይተፈትሐ ሽግር

ንህዝቢ ኢሉ ዝቃለስ ኣመራርሓ ኩሉ ግዜ መርኣይኡ ከመይ ከይርካ ናይ ህዝቢ ፀገም ትፈትሕን ናይ ህዝቢ ጥቅምን ረብሓን ይረጋገፅ? ዝብል ሕቶታት ለይትን ቀትርን ካብ ዓይኑ ዝኽወሉ ኣጀንዳታት ኣይኮኑን፡፡ ናቱ ሂወት ብሙሉኡ ንመስዋእቲ ዝቀረበን ኩሉ ንናይ ህዝቢ ጥቅሚ ንምርግጋፅ ኽኽፈል ዝግቦኦ መስዋእቲ ክሳዕ እታ ዝኸበደት ናይ ሂወት መስዋእቲ ንምክፋል ድልውነቱ ክኸውን ዘለዎ፡፡ ሐዚ ዝረአ ዘሎ እዚ ኩሉ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ፀገም ተፈጢሩ እናሃለወ ነዙይ ንጎኒ ገዲፉ ውልቃዊ ድልየታቱ ከማልእ ክሳዕ እቲ ላዕለዋይ መሪሒነት ከይተረፈ ኣብ ርካሽ ነገራት እናተጨማቐ ኩሉ ነገር ተረሲዑ ብኣፃሩ ነቲ ሐዚ ዘሎ ሓዱሽ ወለዶ ናይ ሕማቅ ነገራት ኣብነት ዝኾነሉን ከምዙይድዩ መሪሕነት ማለት ዝብል ሰፊሕ ጥርጥር ዝሓድረሉ ኩነታት  ከምዘሎ ንማንም ዝሕበኦ ኣይኮነን፡፡ እቲ ከቢድን ንምእማኑ ዘፅግም መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ገና መሊኡ ባኒ ዘይረኸበ እናሃለወ ንሱ ግና ብወዘንዘንን ቀልድን ግዚኡ እንድሕር ዘባኽን  ኮይኑ ኣባይ ኣሎ እቲ ንህዝቢ ኢልካ ምቅላስን መስዋእቲ ምኽፋልን ? ገሊኡ ስልጣኑ ተጠቂሙ ክልተ ሰለስተ መሬት ሒዙ ፎቃት እናደርደረ ዝለዓለ ተጠቃሚ ክኸውን እዩ ዝንቀሳቀስ ፡፡  ሕሉፍ ሓሊፉ  ገሊኡ ኣመራረሓ ማሕበራዊ መሰረቱ ክሒዱ ኩሉ ነገር ሕጥጥ ኣቢሉ ደርብዩ ንባዕሉ ገዛኢ ደርቢ ንምካን ይንቀሳቀስ ከምዘሎ ብቲ ኣብ ቀረባ ጊዜ ዝተገበረ ገምጋም ተረጋጊፁ እዩ ፡፡

ብድምር እንትንርኢ ንህዝቢ ምቅላስ ማለት ኩሉ ድልየታትካን ተግባርካን ንናይ ህዝቢ ረብሓን ጥቅሚን ንምስካዕ ምቅላስን ህዝቢ ካብዝጎድኡ ተግባራት ንባዕልካ ርሒቅካ ካልኦት ነዚ ዝፃባእ ስራሕ

እንትሰርሑ’ውን ብዘይምንም ድርድር ነቲ ዝረአ ፀገም ብቁርፀኝነት ምቅላስ እዩ ናይ መሪሕነት ሓላፍነት ፡፡ ሐዚ ዘሎ ኩነታት ግና ካብዙይ ዝተፈለየ እዩ፡፡ ስለዚ እዚ ፀገም እዙይ ከመይ እዩ ክፍታሕን ነብስወከፍ ስጉምና ካብዚ ፀገምዙይዶ ተውፀአና ኣላ ዝብል ብስርዓት እናተገምገመ ክከይድ ተዘይኪኢሉ ከምቲ እንሪኦ ዘለና ጎዕዞ ሕዳሰና ሐዝውን ኣብ ሐደጋ ምውዳቁ ዘይተርፍ እዩ ዝኸውን ዘሎ ፡፡

## መሰርሕ ተጠያቂነት  ተግባራዊ ዘይምግባር

ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብን መንግስትን ተመዲቡ ዝሰርሕ ኣካል ኣብዝሃለወ ደረጃ ይሃሉ ጥፍኣት እንትፍፅም ብዘጥፍኣሉ ኩሉ ብማዕረ ዝጥየቀሉ መስርሕ ብጥብቂ ክትግበር ይግባእ፡፡ ፀገም እንትፍጠር ብግዚኡ ኣፃሪኻ ኣብቲ ዘጥፈአ ኣካል ኣብዝሃለወ ደረጃ ይሃሉ ተኸታቲልካ መስተኻኸሊ ስጉምቲ እንድሕር ዘይተወሲዱን እንተዘይተኣሪሙን እቶም ዝረአዩ ሽግራት እናገፍሑን እናገወዱን ናብ ዝከፍአ ደረጃ በፂሖም ነታ ዓዲ ከቢድ ዋጋ ከኽፍልዋ ይክእሉ እዮም ፡፡ ብተግባር እንሪኦ ዘለናውን  ቀሊል ዘይብሃል ኪሳራ እናበፅሐ እዩ፡፡  ብፍላይ ኣብቲ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ዝበሃል ትረአ ትዕበ ትንኣስ ጉድለት ብቲ መስርሕ ብግዚኡ ተዘይተኣሪማ ሳዕቤኑ እቲ ታሕተዋይ ኣካል በዚ ቅዲ እዙይ እምበኣርከስ ነውሪ የብሉን እቲ ብልዕለይ ዘሎ እኳ እዙይ ዝገብር ዘሎ እናበለ ናብ ዝኸፍአ ጥፍኣት ንምፍፃም ዝንቀሳቀሰሉ ኩነታት ከምዝህሉ ፍሉጥ እዩ ፡፡ ብተግባር ሐዚ ዝረአ ዘሎ ፀገም’ውን እዙይ እዩ፡፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰብ ዘለዎ ኔትዎርክ እናተጠቀመ ካብ ተጠያቅነት እንትድሕን ይረአ ስለዘሎ ኩሉ በቢደረጅኡ እናተሓተተ ክሳዕ ዘይከደ እቶም ዝረአዩ ዘለዉ ፀገማት ክረአዩ ባህሪያዊ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብቲ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ዘሎ ናይ ተኸኣኢልካን ተደራሪዝካን ናይ ምሕላፍ ፀገም ሐዘውን ቁልፊ ሽግር እዩ ዝኸውን ዘሎ፡፡ኣብዚ መዳይ ዘሎ ክፍተት ብመሰረቱ ተዘተፈቲሑ ሐዘውን ንሓስቦ ዘለና ለውጢ ክመፅእ ኣይክእልን ጥራሕ ዘይኮነስ ጉዕዞና ኣዕርዩ ኣዝጋሚ ክኸውን እዩ፡፡

## ኣብ ውሽጢ ውድብ ናይ ኣሰላልፋ ምዝናፍ

እቲ ውድብ ክትግብሮ ንዝተሰለፈሉ ፕሮግራም ዝውክል ኣመራርሓን ኣባልን ሒዙ እዩ ኩሉ ነገር ክፍፅም ዝኽእል ፡፡ ኣብዙይ ካብ ምልመላ ጀሚሩ ክሳዕ ምደባ ዘሎ ከይዲ ብስጡም ናይ ስራሕ ድስፕሊን ዝተሃነፁ ብህዝቢ ተቀባልነት ዘለዎም ብተግባር መሪሕ ዝኮኑ ብስነምግባሮም ምስጉናት  ኣባላትን ኣመራርሓን ብምስላፍ እዩ ዕላምኡ ክትግብር ዝኽእል፡፡ ሐዚ ብተግባር ዝረአ ዘሎ ግና ክልተ መታወቅያ ዝሓዘ ማለት እቲ ሓደ ንመጥቀሚ ናይቲ ውድብ ካባ ለቢሱ ንመሕለፊ ዝጥቀመሉ እቲ ካሊእ ብውሽጡን ብተግባርን ግና  ዘይኩርምትካስያ እምኒ ቆርጥመሉ ከምዝበሃል እቲ ስርዓት ንህዝቢ ይጥቀም ይጉዳእ

ዘይንታዩ ዝኮነ ክራይ ኣካቢ ሓይሊ ተሰግሲጉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከቢድ በደል የብፅሕ ኣሎ ፡፡ ከምውፅኢት'ውን እቲ ውድብ ካብ ህዝቢ ክንፀል ይገብሮ ኣሎ፡፡ ብመሰረቱ ናይ ህዝቢ ውግንና ዘይብሉን ኩሉ ነገር ብናቱ ጥቅምን ድሌትን ንከማልእ ለይትን ቀትርን ዝሰርሕ ሓይሊ ዓብላሊ ኣብዝኾነሉ መሰረታዊ ለውጢ ክመፅእ ይክእል እዩ ኢልካ ኣይግመትን ፡፡ ስለዚ ኣብዙይ ዘሎ ዘይምፅራይን ናይ ኣሰላልፋ ምዝናፍን ተዘተፈቲሑ ነቲ ንሓስቦ ዘለና ጉዕዞ ዓብይ ዕንቅፋት እዩ ዝኾውን ፡፡

ብድምር ሐዚ ጉዕዞ ህዳሰና ዘዕንቅፉን ሓሊኾም ዘውድቁን ብዙሓት ፈተናታትን ፀገማትን እኒሀው፡፡ ብዙሕ ሰብ እዞም ፀገማት ምህላዎም ንምቅባል ኣይፅገምን፡፡ እቲ ዓብይ ሓደጋ ንምንታይ እዞም ፀገማት እዚኦም ንጉዕዞ ልምዓትና ክሳዕ ዘዕንቅፉ ዕድል ሂብናዮም? ኢሉ ክንድዝረስንን ኣብ ክንዲ ዝቁጨጭን ገሊኡ እቲ ፀገም ብመሰረቱ ዘይተፈትሐ እናሃለወ ብኣናእሽተይ ለውጥታት እናዓገበ ገና እቲ ከቢድ ፈተና ዘይወፀ መደቀሲኡ ዘመቻቹን ኣቀዲሙ ኢዱ ዝሃብን ኣመራርሓ ምህላዉን እዞም ፀገማት እዚኦም መናብርትና እዮም ብዙሕ ኣይንጨነቅ ያው የትም ዓለም በዚመሰርሕ እዙይ ዝሐለፈ ስለዝኾነ የመና ኣይነኻብዶም ኢሉ ንባዕሉ ዘደዓዕስን ነቲ ፀገም ክሳዕ ዝጋደድ ዝፀበን ኣመራርሓን ምህላዉ እዩ እቲ ዓብይ ፀገም ዝኾውን ፡፡

## ኣጠቓላሊ መፍትሒ

ብዝርዝር ዝረአይናዮም መሰረታዊ ፀገማት ከምሃገርይኩን ከምክልል ንዝሓዝናዮ ገዚፍ ራኢ ንምስኻዕ ኣብ ዝግበር ጉዕዞ ብኣግኡ ተዘተፈቲሖም ኩሉ ነገር ክሳዕ ኣይክእልን ጥራሕ ዘይኮነስ ከምቲ እንሪኦ ዘለና ቅድም ኢሉ ዝተረጋገፀ ሰለምን ዝተጠረየ ሃፍቲን ተመሊሱ ዘጥፍእን ፖለቲካዊ ክስተት ከምዝፍጠር ብናይ ካልኦት ተሞክሮ ዘይኮነስ ብናይ ባዕልና ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብተግባር ዘሎዎ መዘዝ ርኢናዮ ኢና ፡፡ ካብዙይ ንላዕሊ ካሊእ ትምህርቲ ኣይደልን ፡፡ ስለዚ ሐዚ ናይ መማረፂ ጉዳይ ኣይኮነን ፡፡ ክንለምዕ ከም ሃገር ጠንካራ ሃገር ኮይና ክንቅፅል ናይ መሪሕ ሕቶ ቁልፊ ካብ ኮነ እቲ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ኣብ በቢደረጅኡ ዘሎ ንዚ ሐዚ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽ ዘይምጥን ሕቆ ዘይብሉ ዘይፅየረን ዝሓዞ ስልጣን ተጠቂሙ ንባዕሉ ክኸብር ዝደሊ ሓይሊን ኣብዝሃለወ ይሃሉ ብናይ ህዝቢ ንጡፍ ተሳትፎን ቃልስን ፀግዑ ክሕዝን ክፅረግን ምግባር ጊዜ ዘይወሃቦ ጉዳይ እዩ፡፡ “ ጨው ለራስህ ብለህ ጣፍጥ

ካልሆነ ትወረወራለህ” ዝብል ናይ ኣምሃርኛ ብሂል እዩ ንውድብ ዝፅበዮ ዘሎ ውሳነ፡፡ ንባዕሉ ኢሉ ክነብር ማለት ብህዝቢ ተኸቢሩ ኣብዚ ታሪኻዊ መዋእል እዙይ ልምዓትን ዴሞክራሲን ብናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ከረጋገፅ ዝኽእል መሪሕ ፓርቲ ኮይኑ ክቕፅል ተኾይኑ ዘየዳግምን ሱር በቆስ ለውጢ ንምምፃእ ኩሉ ሕመቃቱ ሕጥጥ ኣቢሉ ከራግፍን ከምቲ ኣብቲ እስትራተጂና ዝተቀመጠ እታ ንእሽተይ ሞተር መሪሓ ንቲ ዓብይ ሞተር ክተንቀሳቕስ ስለዝግባእ እዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት እዙይ ብዘኹርዕ መንገዲ ንምፍፃም ሐዝውን ጊዜ ኣይመሰየን እዩ እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ፡፡

*ክብርን ሞገስን ንስውኣትና !!*